# ናይ ሓዘን መግለጺ ንሞፍቱ ኤርትራ፡ 18/ ግንቦት/ 2017





መፍቱ ኤርትራ ሸኽ ኣልኣሚን ዑስማን ኣልኣሚን ኣብ መበል 93 ዓመቶም ካብዛ ዓለም ብሞት ከምዝተፈልዩ ካብ ኤርትራ ወግዓዊ መግለጺ ተዋሂቡዎ ኣሎ።

ናይ ክቡር ኣቦና ሸኽ ኣልኣሚን ዑስማን፡ ካብ ዝተገልጹ ድሕረ ባይታ ታሪኾም፡ ኣብ 1924 ኣብ ዓይለት ንኡስ/ ዞባ ጊንዳዕ ከምዝተወልዱ ይግለጽ። ሸኽ ኣልኣሚ ኣብ ኮለጅ ሱዳንን ኣብ ዩኒቨርሲቲ ካይሮ (ግብጺ) ተማሂሮም ኣብ መበል 30 ዓመቶም ብ- 1954 ከምዝተመረቑ ይሕበር። ኣብ ካይሮ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ተመሃራይ ኣብ ዝነበርሉ እዋን ድማ ኣብ 1951 ሓደ ካብ መስረቲ ክለብ ኤርትራውያን ምንባሮም ተሓቢሩ።

ሙፍቱ ኤርትራ ሸኽ ኣልኣሚን ካብ ወጻኢ ሃገር ንኤርትራ ምስተመልሱ ድማ ክሳብ 1975 ኣብ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታትት ከምዝሰርሑ ይፍለጥ። ንሶም ከም መምህር ቓንቓ ዓረብ ኣገልጊሎም። ከም ዳኛ ናይ ሕጊ ሸሪዓ ኮይኖም ኣብ ዘገልገልሉ እዋን ድማ ብሕጊ ሸሪዓ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ከም ፕረሲደንት ከምዝበጽሑ ይግለጹ።

ካብ 1992 ጀሚሮም ከም መፍቱ ኤርትራ ኮይኖን ኣብ ዘገልገልሉ እዋን ድማ ድሕሪ 10 ዓመታት ላዕለዋይ ኣካል እስላማዊ ጉባኤ ከምዝነብሩ ይግለጽ ኣብ ታሪኾም።

ስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ፡ ናይ ዕድመ ጸጋን ሙሁርን ዝኾኑ ኣቦና፡ ሙፍቱ ኤርትራ ሸኽ ኣልኣሚን ዑስማን ብሞት ምፍላዮም፡ ረቢ የርሓሞም ጀና ይቐበሎም። ንኹሎም ቤተሰቦም ጽንዓት ይሃብኩም። ንኹሎም ኣመንቲ ምስልምና ድማ ብሕልና ተኻፈልቲ ሓዘንኩም ከምዝኾና ክንገልጽ ንፈቱ።

ክፍሊ ዜናን ባህልን፡ ስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ - ስደግኤ

Email: uedf2012@gmail.com Website: www.erifront.com 18/May/ 2017